# መቕድም መጽሓፍ

## « ዘይተነግረ ገድሊ »

### ተመኩሮ ገድሊ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ህ.ግ.ሓ.ኤ

ብሰለሙን በርሀን/ ተስፋኣለም የማነ




ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣብ መፈጸምትኡ ንኸበጽሕን እቲ መሪር ወተሃደራዊ ግጥማት ብዓወትክዛዘምን ዝኸኣለ፡ ማሕበራዊ መዳያት ናይቲ ነዊሕ ገድሊ ንናጽነት ዘዘንቱ መጽሓፍ፡ እነሆ ተዳልዩ ኣሎ። ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ምስ ካልኦት ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ብምንጽጻር፡ ፍሉይን ብርቅን ተመክሮ እዩ። ፍሉይነቱ ሓደ ውሑድ ህዝቢ፡ ብዘይ ዝጠቅም ግዳማዊ ሓገዝ፡ ኣብ ገዛእ ዓቕሙ ተመርኲሱን ተኣማሚኑን፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ክድህኽ ዘንቀደ ግሎባዊ ስትራተጂን ዘሰነዮ ገዚፍ ወተሃደራዊ ዕንደራን ኣብ ነዊሕ ኲናት ጸሚዱ ብኣንጻባራቒ ዓወት ዝወጸሉ ታሪኽ ምዃኑ ኣዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ብኽብደቱን ምረቱን መዘና ዘይርከቦነዊሕ ቃልሲ ኣካይዱ፡ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ዝተጎናጸፈ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቶም ዘይተቖጠበ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ደገፍ ርእሰ ሓያላን ኣመሪካን መሻርኽታን፡ ደሓር ድማ ሕብረት-ሶቭየትን ደምበኣን ሰኒቖም፡ ግዝኣቶም ንምርጋእ ዝተረባረብዎ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ካብ መሬቱ ሓግሒጉ ክጸርጎም ዝሕለፎ ተጋድሎ፡ ምስጢር ሓይሉን ተዓዋትነቱን ብልክዕ እንታይ ምንባሩ፡ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ንእሽቶ ክፋሉ ተንጸባሪቑ ኣሎ። ብዙሓት "ኣይከኣልን'ዩ" ዝበልዎ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት መሪሑ ናብ ዓወት ዘብቅዐ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ንድሩት

ዓቕምን ጸጋታትን ሃገር ብዝለዓለ እምነትን ተወፋይነትን ናብዝለዓለ ጥርዚ ኣዕሪጉ፡ ብዓወት ንምውጻእ ዝተኸተሎ ስትራተጂ፡ ሕመረቱ "ርእሰ ምርኮሳ" ዝብል ፍልስፍና እዩ።

ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ጭርሖኦም "ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ!" ዝብል'ዩ ነይሩ። ብግብሪ ድማ፡ ኲሉ'ቲ ተጋዳላይ ዝዓጠቖን ብልዑ ልምልከት ዝተጠቐመሉን ወተሃደራዊ ንዋት እንተላይ ምዕቡልን ዘመናውን መካናይዝድ ኣጽዋር ብሙሉኡ ካብ ጸላኢ ዝተመንዝዐ'ዩ ነይሩ። ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ዝነበሩ ተጋደልቲ ብወገኖም፡ "ርእሰኻ ምኽኣል" ዝብል ኒሕ ማእገር ኩሉ ንጥፈታቶም'ዩ ዝነበረ። በዚ ድማ፡ ኣብቲ ቀንዲ ደጀን ሳሕል ይኹን ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ኣብ ዝነበረ ካልእ ስልታዊ ደጀናት፡ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ጸቕጢ ነፈርቲ ውግእ፡ ብውሽጣዊ ዓቕምን ክእለት ን ብልዑል ብልሓትን መሃዝነትን ክሃንጽዎ ዝኽኣሉ በብዓይነቱ ትካላት፡ ጋራጃት፡ ኣብያተ-ዕዮ፡ ፋብሪካታት፡ መኽዘናት፡ ሆስፒታላት፡ መደበር ዕቑባት፡ መእለይዪ ስንኩላንን መናበዪ ህጻናትን፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ማእከላት ስልጠና፡ ምርምርን መጽናዕትን፡ መርበባት ርኣኽቢታትን ናይ መጓዓዝያ ትሕተ ቅርጽታትን፡ ነቲ ኣይከኣልን'ዩ ዝተባህለ ቃልሲ ከም ዝከኣል ዝገበሩ እዮም። ክፍሊ ማሕበራዊ ጒዳያት ሓደ ካብቶም፡ ኣብ ደጀን ንድሕሪ መስመር ጸላእን ምስ ሓድግታት ኲናት ክገጥም ከድ ሓላፍት ተሰኪሙ፡ ክትእምኖ ዘጸግም ስርሓት ዘሰሰለ መሓውራት ህዝባዊ ግንባር እዩ። እዛ "ዘይተነግረ ገድሊ" ዝርእስታ መጽሓፍ እምበኣር፡ ተጋደልቲ ክፍሊ ህዝባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ደጀን ሳሕል ኮነ ኣብ ንኡሳን ደጀናት ድሕሪ መስመር ጸላእን ኣብ ውሽጢ ህዝብን እናኣተዉ ዘሰላስልዎ ዝነበሩ ንጥፈታት ማሕበራዊ ድሕነትን ርእሰኻ ምኽኣልን ንምንጽብራቕ ዝዓለመት እያ።


ኣባላት ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት በቲ ዝርካቡ ትሕዝቶ ውድብ፡ ነቶም ብሰንኪ መግዛእቲ ኣብ ሕሰም ዝወደቑ ዜጋታት፡ ምእንቲ ድሕነት ሃገር ኣብ ኲናት ኣካላም ዝሰንከሉ ተጋደልትን ናባዪ ዝሰኣኑ ህጻናትን ስድራቤታት ተጋደልቲ፡ ብሰንኪ ኲናትን ደርቕን፡ ካብ መረበቶም ዝተመዛበሉን ዝተሰዱን ዜጋታት ሰብኣውነት ብዝመልአ ኣገባብ ንምርዳእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነብሶም ክኢሎም ኣፍረይቲ ክኾኑ መነባብርኦም ከደላድሉን ባይታ ብምፍጣር፡ ከምኡ'ውን ነቲ ስራሕ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ንምምራሕ ዝሕግዝ ዝተፈላለየ መጽናዕትን ምርምራትን ብምክያድ፡ ብልዑል ተወፋይነትን ኒሕን ተበላሓትነትን ዝተቓለሱ እዮም። መጽሓፍ "ዘይተነግረ ገድሊ" ብሓሳብን ባህግን ናይቶም ድሕሪ ናጽነት

ማሕበር ተጋደልቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ዝመሰረቱ'ዩ ተበጊሱ። ትሕዝቶ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ብቐንዱ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮ ንማሕበራዊ ድሕነትን፡ ኣብ ቤ/ጽ ማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ ካብ ዝተረኽቡ ናይ እዋን ቃልሲ ወግዓዊ ሰነዳት፡ ብምውካስ ዝተጻሕፈ እዩ። ኣሰናዳኢቲ ናይዚ መጽሓፍ፡ ነቲ ብደረጃ ክፍሊ፡ ጨናፍርን ኣሃዱታትን ታሪኽ እናተፈጸመ ብውዑዩ ዝተጻሕፈ ናይ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ዓመታዊ ገምጋማት፡ ናይ ዝተፈላለያ ጨናፍር ወርሓዊ ወይ ርብዒ-ዓመታዊ ዝተሰነደ ጸብጻባት፡ መምርሒታት፡ ደብዳበታትን ካልእ በብዓይነቱ ወረቓቕትን ከም መበገስን ቀዳማዊ ምንጭን (Primary Source) ብምውሳድ'ዮም ነቲ ናይ ፈለማ ንድፊ ናይ'ዚ መጽሓፍ ዝሃነጽዎ። ማዕ ረ ማዕረ'ቲ ክሳብ 100 ሰዓታት ዝግመት ብስእልን ድምጽን ዝተቐድሐ፡ ቃለ መጠይቓትን ህሉዋት ኣባላት ብኣኼባ ዘካየድዎ ዘተን፡ ነቲ ሰነዳዊ ምንጭታት ዘሀብትም ዝኸርታት ብጥንቁቕ ኣገባብ ኣብ ምስንዳእ'ዚ መጽሓፍ ኣበርክቶ ከም ዝህልዎ ተገይሩ እዩ።

ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዝርከቡ ሓለፍትን ኣባላትን ነቲ ኣብ ፍሉይ ኣርእስትታት ኣዳቒቖም ዝፈልጥዎ ክፋላት ታሪኽ ክምልኡሉን ክእርሙን ብምዕዳም፡ ድምር ዝኸሪ ናይ ብዙሓት ኣባላት ናይቲ ክፍሊ ብምጥቕላሉ ድማ፡ ከም ርጡብን ተኣማንን ታሪኽ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። እታ ድሮ ኣባላታ ዝተዘርዘርሩ፡ ብሓለፍቲ ክፍሊ፡ ጨናፍርን ኣሃዱታትን ዝቖመት "ቦርድ ስነዳ" ምስ ኣሰናዳኢቲ እናተሓባበረት፡ እዚ መጽሓፍ'ዚ ዝተጻረየን ናብ ሓቂ ዝቐረበን ሓበሬታ ጥራይ ክሕዝን ካብ ምዝንባዕን ምድግጋምን ክድሕንን ብቐጻልነትን ዕቱብነትን ስለዝተረባረበት፡ ንሚዛናውነት ናይቲ ትረኻ ሓጋዚ ኮይኑ እዩ። ኣብ ሰነዳት ክፍልን ዝኸርታት ኣባላትን ጥራይ ዝተሓጽረ ግን ኣይኮነን። እቲ ታሪኽ ምስቲ ዝተፈጸመሉ ገድላዊ መድረኻት ተኣሳሲሩ መታን ክርኣ፡ ንታሪኽ ህዝባዊ ግንባርን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምዕባለታትን፡ ንተመኩሮታት ገድሊ ዝጠቕሱ ኣቐምኦም ዝተርግሑ መጽሓፍትን ናይ እዋን ቃልሲ መጽሔታትን መወከሲ ኮይኖም ኣውኡ። ኣብዚ ታሪኽ'ዚ ኣገደስቲ መመላእታ ዝውሰኹ ዝተፈላለዩ ናይ ኢትዮጵያውያንን ካልኦት ጽሑፋትን'ውን ከም ካልኣዊ ምንጪ ውዒሎም ኣለው። ብሙሉኡ ሰነዳትን ወረቓቕትን ናይቲ ክፍሊ ምዝርዛሩ ስለ ዘይተኻእ ለ ግን፡ ነቶም በብመድረኹ ዝተሰነዱ ጥሙራት ገምጋማትን ዓመታዊ ጸብጻባትን ጥራይ ምዝርዛ ር ከም እኹል ተወሲዱ ኣሎ።

እዚ መጽሓፍ ነቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ካብ 1977 ክሳዕ 1991 ዘካየዶ ንጥፈታት ዝግምግም'ኳ እንተኾነ፡ ቅድሚኡ ንምስረታ መደበር ዕቑባት ዝደረኸ

ግፍዕታት ጸላእን፡ ህዝቢ ዝተዓቐበሉ ናይ ፈለማ ኩነታትን ብኣዝዩ ዝተጸምቈ ኣቀራርባ ሰፊሩ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ንጥፈታት ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ኣብ ግዜ ቃልሲ በብጨናፍሩ፡ ኣብ ሰለስተ ገድላዊ መድረኻት ብምክፍፋል ዝገልጽ መጽናዕታዊ ጽሑፍ እዩ። ታሪኽ ናይቶም ኣብ ደጀን ሳሕል ይኹን ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ እናተንቀሳቐሱ፡ እንተላይ ኣብ ቅድመ-ግንባር ማዕረ ተዋጋኢ ሰራዊት ብምስላፍ፡ ብዙህ ዝዓይነቱን ኣዝዩ ኣገዳስን ኦዮታት ዘሰላስሉ ዝነበሩ ተጋደልቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ብምልኣት ክግለጽ ዝከኣል ኣይኮነን። ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ንሳዕቤናት ኲናትን ግፍዕታትን ብኹሉ መዳዩ ንምቅላል ከቢድ ጾር ዝተሰከመ ክፍሊ እዩ ነይሩ።



እቲ ግሉጽን ረቂቕን ጽልዋኡ ኣብ ተጋደልትን ህዝብን ምዕቃኑ'ኳ እንተዘይተኻእለ፡ ኣብ ብረታዊ ቃልስና ኣዝዩ ሕሉፍ ግደ ከም ዝነበሮ ግን ማንም ክስሕቶ ዝኽእል ኣይኮነን። “ሓደ እኳ ታሪኽ ክጽሕፍ ዝኽእል የልቦን” ዝብል ኣገላልጻ ኣሎ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ፡ ታሪኽ ወድ-ሰብ ወይ ዛንታ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ወይ ሃገር፡ ብዝኾነ ክእለትን ጥበብን ኣብ ሓደ መጽሓፍ ብምልኣት ክግለጽ ዝኽእል ኣይኮነን ንምባል እዩ። ታሪኽ ሓደ ትካልን ሓደ ውሱን ግዜን'ውን እንተኾነ ከምኡ እዩ። ምኽንያቱ ዝኾነ ታሪኽ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ዝርዝራት መወዳእታ የብሉን። ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ኣብ ኣባላቱ፡ ኣብ ተናበይቲ ስድራቤታት ዕቑባት፡ ኣብ ስንኩላን ተጋደልትን ግዳያት ዝኽትምና ዝኾኑ ህጻናትን ዝርከብ ዛንታታትን ተዘክሮታትን ኣዝዩ ብዙሕ ብምዃኑ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ከተጠቓልሎ ዝከኣል ኣይኮነን። የግዳስ፡ እዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ንዕማማትን ኣበርክቶን ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳያት ኣብ ምዕዋት ቃልሲ ንናጽነት ብሓፈሻ፡

ከምኡ'ውን ንጻዕርን ተወፋይነትን ብልሓትን ኣባላት ናይቲ ክፍሊ ድማ ብፍላይ ወካልን ገላጽ ን ክኸውን ትጽቢት ኣሰናዳእቱ እዩ። ርግጽ እዩ፡ ታሪኽ ናይ ሓደ ትካልን ኣመዓባብላኡን፡ ብቕደም ተኸተል ናይ ግዜን ምዕባለታትን ብጸብጻባዊ ኣቀራርባ ምቕማጡ ኣሸጋሪ ኣይኮነን። ናይ እኩባት ዛንታን ኣበርክቶን፡ ካብ ጸብጻባዊ ኣቀራርባ ፍልይ ብዝበለ፡ እሞ ከኣ ፈጠራዊ ታሪኽ ከይወሰኸካ፡ ህይወት ኣልቢስካ ምጽሓፉን ተነባቢ ምግባሩን ግን ልዑል ጻዕርን ብልሓትን ዝሓትት እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ነዚ መጽሓፍ'ዚ ኣብ ምድላው፡ ኣብ ደቂቕ ዝርዝራትን ጸብጻባትን ከይተኣትወ፡ ከም ኣብነት ከገልግሉ ይኽእሉ'ዮም

ዝተባህሉ ጭብጥታትን ውሑድ ኣሃዛትን ብምምራጽ፡ ብዝተጸምቈ መልክዕ ንምቕራቡ፡ ብማዕረኡ ድማ፡ ጻዕርን ተወፋይነትን ኣባላት ክፍሊ ማሕበራዊ ጒዳያት ንምጉላሕ ዝተኻየደ ስነ ጽሑፋዊ ስራሕ ቀሊል ኣይነበረን። ሓቀኛ ታሪኽ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ንስለ ስነ ጽሑፋዊ ጽባቐን ጣዕምን ተባሂሉ፡ ንታሪኽ ዘዘንብዕ ወይ ዘይመልክዑ ዝህብ፡ ዘይኮነ ሓበሬታን ዝተጋነነ መግለጺታትን ከይህልዎ ልዑል ጥንቃቐ ተገይሩ ኣሎ። ነዚ መጽሓፍ'ዚ ድሕሪ ምንባብ፡ ርእይቶ፡ ሓበሬታ ወይ መኣረምታ ዘለኩም ኣንበብቲ፡ ኣብ መእተዊ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ብዘሎ ኣድራሻ ሓሳባትኩም ክትልእኩልና ብኣኽብሮት ንምሕጸን።

ማሕበር ተጋደልቲ

ክፍሊ ማሕበራዊ ጒዳያት ህ.ግ.

Hidri Publishers

Asmara 2025